

# ብሥራት

ሕዳር- 2018 ዓ.ም.ፈ. ኅታም ቍ.127 ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ (Catholic Secretariat – Archeparchy Asmara)

## ሕዳር 2018

## ዓውደ መጽናዕቲ ኣብ ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ

ነቲ ኣብ ሮማ "መንእሰይ፡ እምነትን ምልላይ ጸዋዕታን" ብዝብል መሪሕ ኣርእስቲ ክካየድ ዝቀነየ ናይ ጳጳሳት፡ ሲኖዶስ መሰረት ብምግባር፡ ብዕለት 3 ሕዳር 2018 ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ፡ ንኹሎም ናይ ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ መንእሰያት ምስ ቀሞሳቶም ናይ ፍርቂ መዓልቲ ዓውደ መጽናዕቲ ተኻይዱ። ኣብዚ ብቤት ምኽሪ መንእሰያት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ ዝተዳለወ ዓውደ መጽናዕቲ፡ ካብ ሰበኻ ሰገነይትን ከረንን ዕድመ ዝተገብረሎም መንእሰያት እውን ተሳቲፎም ነይሮም።

ነቲ ዓውደ መጽናዕቲ መንእሰያት ቁምስና ደብረ በኣታ ማርያም ብጸሎት መቑጸርያ ምስ ከፈትዎ፡ ክቡር ኣባ ቶማስ ነጋሽ ቀሞስ ደብረ በኣታ ንተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ቃል ሰላምታ ምስ ሃቡ፡ ምስቲ ናይ ዕለቱ መደብ ዘላሊ ሓጺር ናይ መእተዊ ቃል ኣቕሪቦም። ኣባቴ ኣብ መግለጺኦም "ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ ምሉእ ዓለም ዝርከቡ ጳጳሳት ተኣኪቦም "መስንእሰይ፡ እምትን ምልላይ ጸዋዕታን ብዝብል ኣርእስቲ ንሰለስተ ሰሙን ዝኣክል ብሓባር ዘትዮም። ቤት ምኽሪ መንእሰያት ርእሰ ኤጳርና ኣሥመራ ድማ ነዚ ምኽንያት ብምግባር ነዚ ናይ ፍርቂ መዓልቲ ዓውደ መጽናዕቲ ኣዳልዩልና ኣሎ እሞ ኩልና ብትግሃት ክንከታተሎ ኣምላኽ ጸጋኡ የብዝሓልና።" ምስ በሉ ቀጺሎም፡ "ብዙሕ ግዜ ጳጳሳት ሲኖዶስ ምስ ኣካየዱ ኣብ መወዳእታ ሓደ እማመ የቅርቡ እዮም። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዘመን ጉባኤኦም ዘቕረብዎ እማመ ከኣ ካብ ወንጌል ሉቃስ ምዕራፍ 24 ናይ ሰብ ኤማሁስ ጉዕዞ እዮም መሪጾም። ናይ ሰብ ኤማሁስ ጉዕዞ እንተሪኢናዮ እቶም ኣርድእቲ ተስፋ ቆሪጾም ንዓዶም ክምለሱ ነዊሕ ምስ ተጓዕዙ፡ ኢየሱስ ሕውስ ይብሎም እሞ ካብ ኦሪትን ነብያትን እናጠቀሰ ይገልጸሎም፡ ኣብ ቤቶም ምስኦም ኣትዩ እንጀራ ቆሪሱ ምስ ሃቦም ከኣ የለልይዎ። ንሱቶም ድማ ናብ ብጾቶም ይምለሱ።

ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ኢየሱስ ምስቶም ኣርድእቱ ተሓዊሱ ክጉዓዝ ወይ ድማ ከሰንዮም ኢና ንርእዮ። በዚ መልክዕ እዚ ድማ ሕይወት መንእሰያት ብቤተክርስቲያንን ብቐሞሳትን ብቤትምህርቶምን ብወለዶምን ክስነን ክኹስኮስን ዘለዎም ሕይወት ኢዩ። ምሉእ ሕብረተሰብ ሓላፍነት ክወስደሎም ኣለዎ። ስደት ይበዝሕ ኣሎ፡ ምስ መን ተዛቲኻ ኢኻ ትሰደድ? ድምጺ ኣምላኽ ከይሰማዕካ ዝግበር ዝኾነ ዓይነት ስጉምቲ ሓደገኛ እዩ፡ ሰብ ኤማሁስ ኢየሱስ ምስ ኣሰንዮምን ቃሉ ምስ ኣብርሃሎምን ንኢዮሩሳሌም ተመልሱ። ስለዚ ጸዋዕታና ምስ ኢየሱስ ሓቢርና ነለልዮ። ሰብ ኢልዎ ወይ ገይርዎ ኢልና ክንገብር ወይ ክንብል የብልናን፣ ድምጺ ኣምላኽ ሰሚዕና ክንንቀሳቐስን ጸዋዕታና ከነለልን ይግብኣና። ኣብ ውሽጥና ዘሎ ህላዌኡን ድምጹን ሰሚዕና ጸዋዕታና ነለሊ። ካህን ድንግል ሰብ ሓዳር ክንከውን ንኽእል ኢና፡ ጥራሕ ብሓቂ ድምጹ ሰሚዕና ነለሊ። ኣስፊሕና ንሕሰብ፡ ንኣምላኽ ዘየኽብር ዝኾነ ስራሕ፡ ጸዋዕታ ኣይኮነን። ጸዋዕታ ማለት መደብ ኣምላኽ ኣብ ሂወትካ ምፍላጥ እዩ። ኣምላኽ ንመደብና ይባርኾ"። ብምባል ዛዚሞም።

ብድሕሪ እዚ ብመሰረት እቲ ተሰሪዑ ዝነበረ መደብ፡ ካብ ቁምስና ኪዳነ ምሕረት ኣቶ ምሕረትኣብ ምስ ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ጽገረዳ፡ ካብ ቁምስና ደብረ ጽንሰታ ኣቶ ኪዳነ ምስ ብዓልቲ ቤቱ ው/ሮ ሮዛርያ፡ ካብ ቁምስና ደብረ መድኅኔ ዓለም ገጅረት ኣቶ ተስፋልደት ምስ ብዓልቱ ቤቱ ወ/ሮ እማነት፡ በብተራ ምስክርነት ናይ ሓዳሮም ኣቅሪቦም። እዞም ሰብ ሓዳር፡ ብኸመይ ተላልዮም ኣብ ሓዳር ከምዝበጽሑን ሕጂ ዝመርሕዎ ዘለዉ ሕይወትን እዚ ማለት እቲ ኣብ ሓዳሮም ዘሎ ብድሆታት ብኸመይ ሓቢሮም ከምዝፈትሕዎን ብፍቅርን ብምርድዳእን ሓቢርካ ሽግርካ ምፍታሕን ምጽላይን ንቤተክርስቲያንካ ምግልጋልን ብፍርሓት ኣምላኻ ደቒኻ ተኸናኺካ ምዕባይን ክሳብ ክንደይ ሰናይ ምዃኑ ብሃናጺ መንገዲ ምስክርነቶም ኣቕሪቦም።

ኣስዒቦም ድማ ደናግል ኮምቦንን ገዳም ሲታውያንን ደናግል ደቂ ፍቅርን ማሕበር ገዳም ዶንቦስኮን ዘርኣ ክህንትን ደናግል ደቂ ቅድስቲ ሃናን ንተሳተፍቲ በብተራ ዕላማ ናይ ማሕበሮም መግለጺ ምስ ኣቕረቡ፡ ብመልክዕ ድራማ ንጸዋዕታ ዝምልከት ኣዝዩ መሳጢ መደብ ብመዝሙር ቀረበ። ካብኡ ብምቅጻል ከኣ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ ምንግሥትኣብ ተስፋማርያም ንተሳተፍቲ መንእሰያት ኣብ ዝሃብዎ ቃል ምኽርን ማዕዳን "ፍቑራት መንእሰያት እቲ ኣብ ሮማ ክካየድ ዝቐነየ ሲኖዶስ ጳጳሳት ክዝተየሉ ዝቐነየ ኣርእስቲ "መንእሰይ፡ እምነትን ምልላይ ጸዋዕታን" ብዝብል እዩ ነይሩ።

ኣብዚ ጉባኤ እዚ <u>እምነትን ጸዋዕታን</u> ዝብላ ክልተ ዓበይቲ ኣርእስቲ እየን ተላለን። ዝኣምን ሰብ ኣምላኽ ከምዝሓረዮን ከምዝፈጠሮን ስለ ዝርዳእ፡ ካበይ ከምዝመጸን ኣበይ ከምዝኸይድን ስለ ዝፈልጥ፡ ብመንገዲ ኣምላኽ ብእምነት ክመላለስ እዩ ዝደሊ። ዘይኣምን ግና ብናቱ መንገዲ እዩ ዝኸይድ። እምበኣር ከም ክርስቲያን መጠን እምነት ኣገዳስን ኣዝዩ ሓያልን ስለ ዝኾነ እምነትኩም ከተዕብዩ ዝክኣለኩም ግበሩ። ከመይ ክንጽሊ ይኹን ከነገልግል እምነት ወሳኒ እዩ። እምነት ልዕሊ ኩሉ እዩ፡ እምነት እንተሎ ኩሉ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

ምልላይ ጸዋዕታን እመንትን እንታይ ርክብ ኣለዎ እንተበልና፡ እምነት ዘይብሉ ሰብ ብዛዕባ ጸዋዕታኡ ኣይግደስን እዩ፡ ብዛዕባ ካልእ እዩ ዝሓስብ፡ ናይ ስጋ ጥራይ ስለ ዝሓስብ ብዛዕባ ድሕነት ነብሱ ኣይሓስብን እዩ። እምነት ዘለዎ ሰብ ግና ንፈጣሪኡ ከይብድል ብዛዕባ ጸዋዕታኡ ክሓስብን ክግደስን ግድን እዩ። ንዓና ዓቢ ነገር ሓቂ ምፍላጥ እዩ። ሓቂ ማለት ከኣ ቃል ኣምላኽ እዩ።

ጸዋዓታ ምልላይ ክብሃል ኣንከሎ ፍቓድ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕለይ እንታይ እዩ ኢልካ ጽን ምባልን ምፍላጥን እዩ። ንኣብነት ሳሙኤል ድምጺ ኣምላኽ ጽን ኢሉ ስለ ዝሰምዐ ጸዋዕታኡ ከለሊ ኪኢሉ። እግዚኣብሔር ኣብዚ ምድሪ እዚ ከመይ ኢለ ክነብር እዩ ዝደልየኒ ኢልና ክንፈልጥን ከነለልን ይግባእ። እንተዘይኮነ ብትምኒት ስጋ ኢና ንመላለስ ዘሎና ማለት እዩ። ምሉእ ሂወትና ቅሳነትን ሰላምን ዝመልኦ

ክኸውን ፍቓድ ኣምላኽ ክንፈልጥን ጸዋዕታና ብእምነት ክነለልን ይግባእ። ብሓላፊ ሓንስ ኣይንታለል። ንጸዋዕታና ክነለሊ ጸሎት፡ ዘማኸሮ ኣቦ ነፍስን፡ ጥዑያት ብጾትን የድልዩ። ገሌና እምነት ስለ ነጉድልን ጸዋዕታና ብግቡእ ስለ ዘይነለልን፡ ማሕበራት ይኹን መደባት ደጋጊምና ክንቀያይር ንርከብ። ኩነታት ሪኢኻ ማሕበራት ምቅይያር ኣይግድን። ጸዋዕታ ክብሃል እንከሎ ክህነት፡ ሓዳር ጌርካ ብቃል ኪዳን ምንባር ኣብ ዉፉይ ሂወት ኣቲኻ ብድንግልና ምንባር ዘጠቓልል እዩ። ስለዚ ብእምነት ጸዋዕታ ክነሊሊ ንጸሊ፡ ቃል ኣምላኽ ነንብብ፡ ምኽሪ ኣቦ ነፍሲ ንሕተት።" ብምባል ኣባታዊ ምኽሮም ዛዘሙ።

ኣብ መጨረሻ ብሓደ መንእሰይ ግጥሚ ምስ ተነበ ሓላፊ ማሕበር ዘርኣ ክህነት ዓቢ፡ ክቡር ኣባ መንግስቱ ገብረኣምላኽ "**-ሕይወት መንእሰያትን ጋግ ወለዶታት ብምኽንያት ለውጢ ዘመን**" ብዝብል፡ ኣርእስቲ ኣብ ዝሃብዎ ትምህርቲ ኢየሱስ ደቀ መዛሙርቲ ነይሮሞ እዮም። ክርስትና መ.ኢ.ክ. ንውሑዳት ኣይሁዳውያ ገፈፍቲ ዓሳ ንኽስዕብዎ ብዝዓደሞም መሰረት ኢዩ ተጀሚሩ። እቶም ዝጸውዖም ድማ ኩሉ እናገደፉ ይስዕብዎ ነይሮም። ወደ መዘሙር ትብል ቃል ኣብ ሓዲሽ ኪዳን፡ ነቶም ዝሰዓብዎ ተመልክት። እዚ መሰርሕ፡ ምጽዋዕን ምምላስን፡ ን2000 ዓመታት ቀጺሉ፡ እዚ ከኣ እቲ ማእከላዊ መንነትን ተልእኮን ቤተ ክርስትያን ኢዩ። ወትሩ ክንግንዘቦ ዘለና፡ ወደ መዘሙር ምዃን ዝጅምር፡ ብጻውዒት (ዕድመ) መ.ኢ.ክ. ኢዩ። ብኣና ኣይኮነን ዝጅምር። ካብ ጸጋ እግዚኣብሔር ይውሕዝ፡ ከም ህያብን ምስጢርን ከኣ ኢዩ፡ ንሕና እንቀጻጸሮ ኣይኮነን።

- **ክርስትያናዊ ወደመዝሙር ንምንታይ ኣድላዪ ይኸውን?** እንተበልና ሓዋርያዊ ኣገልግሎት መ.ኢ.ክ.ድሕሪ ሞቱን ትንሳኤኡን ዕርገቱን ክቅጽል ስለ ዝተደለየ ኢዩ።ኣብቲ መወዳእታ ወንጌል ማቴ.28፡19-20 መ.ኢ.ክ. ንሓዋርያት ተልእኾ ሂብዎም። (እቲ ንጹር ሓበሬታ፡ ተኸተልቲ ንኽገብሩ ኢዩ)። ሎሚ እምበኣር እዚ እዩ ተልእኾ ቤተ ክርስቲያን፡ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት መንእሰያት ከኣ እዚ ኢዩ ዕላማኡ። እቲ ዝተጠምቀ፡ ኣብ ማሕበረ ክርስትያን (ስድራ ኣምላኽ - ቤተ ክርስትያን) ኢዩ ዝጽንበር - ምስቶም ንክርስቶስ ዝስዕብዎ ማለት እዩ።
- ቀ.ጴጥሮስ ነዚ ሓደራ እዚ ኢዩ ተቀቢሉ፡ ዕያውተይ ኣብልዕ - ኣባግዔይ ሓሉ ኢልዎ። ዘሎናዮ ዘመን መንእሰይ ዝሕለወሉ ግዜ ኢዩ። ግዜ ንእስነት ብዙሕ ስምዒታት ዝመላለሰሉ፡ ንዝረኣዮ ክጭብጥ ዝህንጠየሉ ግዜ እዩ። ትምኒቱ ሰፊሕ እዩ፡ ኣብዚ እንከሎ ኣብቲ ዝበጽሓሉ ግዜ እዩ፡ ብዙሕ ውጻእ ውረድ ዝረኣየሉ - ናይ ሲነማ መድረኽ ኢዩ። እዚ ዝዓይነቱ ግዜ ንእስነት ክሕሎ ኣለዎ።

ክርስትና ብዕድመን ብዘመንን ዘይተኸፍለ ንኹሉ ብሕብረት - ኣብ ንጉሳዊ መርዓ ዝዕድም ናይ ቅድስና መንገዲ ኢዩ። ይኹን እምበር ኩሉ ዝተጸውዔ ነናቱ ብጽሒት ስለዘለዎ፡ ንኹሉ ሓደ ዓይነት ኣገልግሎት፣ ሓደ ዓይነት ግድነት የብሉን። ከምዝፍለጥ ኣብ ሕይወት ወድሰብ ዝፈራረቑ 3ተ ዓበይቲ መድረኻት (ክፍለ ዘመናት) ኣለዉ።

ሕጻንነት 2.ግዜ ንእስነት 3.ግዜ ውርዝውና። ኩሉ በብጽፍሑ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዝተጸውዔ ኢዩ። ቤተ ክርስትያን ከኣ ብዘይ ብጽሒት (ብዘይ ዕዮ) ኣይትገድፍን ኢያ።

ካብዞም 3ተ ደረጃታት - ግዜ ንእስነት (መንእሰይ) ብጣዕሚ ሓይሊ ዘለዎ፣ ናይ ደቅሰባት ድሌት ዝፈራረቐሉ፣ ስምዒታት ዝድይበሉን ዝወርደሉን - ሰብ ኣብ ዝበጽሓሉ ደረጃ ክንበጽሕ እንተግሃሉ - ተጋድሎና ኣዝዩ ዝብርኽሉ ኮይኑ - ኣብ ሃይማኖት ከኣ ብዙሕ ስራሕ ይጽበየና።

ርእሰኻ ካብ ምግታእ ጀሚሩ፣ ብዙሕ ስራሕ ይጽበየ። ነዚ ኸኣ ኢዩ ንጉስ ሰሎሞን ኣብ መጽሓፈ መክብብ ምዕራፍ 12፣1 "ኣብ ግዜ ንእስነትካ ንፈጣሪኻ ዘክር፣ ደስ ኣይብሉንን እትብሎም መዓልታት ከይመጹ (ኣብ ግዜ ንእስነትካ) ጎዪኻ ኣብ እትቅድመሉ - ተቓሊስካ ኣብ እትስዕረሉ - ንኽትሰርሕ ግዜ ኣብ ዝተዋህበካ - በዚ ግዜ'ዚ ንፈጣሪኻ ዘክር።" ዝበለ። **ብስራት ወንጌል ኣብ ቤተ ክርስትያን ኣይልወጥን (ይልውጥ ደኣ እምበር)** - ነቲ እንመርሐ ወለዶ ክንፈልጦ ኣሎና - መልእኽትና ግን ፍጹም ክቅየር የብሉን፡ እንተኾነ ግን ነቲ ዝመጽእ ወለዶ ክንከናኸንን ክንበጽሖምን ምእንቲ፡ ኣገባብና (ሜላና) ክቅይር ኣለዎ። ምኽንያቱ ብብዙሕ መንገዲ ብዙሕ ለውጥታት እናመጸ ጋግ ይፈጥር ስለ ዘሎ።" ብምባል ሰፊሕ ትምህርቲ ሂቦም። ብድሕሪ እዚ እቲ መደብ ብምሳሕን መዘሙር ምስጋናን ተዛዚሙ።

## ዓውደ መጽናዕቲ ንኣስፒራንት

ብዕለት 11 ሕዳር 2018 ኣብ ኣስመራ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ካብ ዘለዉ ማሕበራትን ገዳማትን ንዝተኣከቡ 130 ዝኾኑ ናይ ዝተፈላለዩ ማሕበራት ኣስፒራንት ብኮሚቴሰነ ምዕበያ ናይ ምሉእ መዓልቲ ዓውደ መጽናዕቲ ተኻይዱ።
እቲ መደብ ብጸሎት ምስ ተኸፍተ ክቡር ኣባ ግርማይ ኣብርሃ ሲታዊ ንተሳተፍቲ ብዛዕባ ቅዱስ መጽሓፍ ብሓፈሻ ቀዳማይ ትምህርቲ ተዋሂቡ።

መግቢ ሂወትና እዩ፡ ከምቲ ስጋ ብዘይመግቢ ደው ዘይትብል መንፈሳዊ ሕይወትና ድማ ብዘይ ቃል ኣምላኽ ደው ክብል ኣይክእልን እዩ። ሓይልናን ብርሃንን እዩ። መስትያት ሕይወትና እዩ። ኣምላኽ መን ምዃኑን ንሕና ከኣ መን ምዃንናን ኣብዚ ቅዱስ ምጽሓፍ ተገሊጹልና እሎ። እናበሉ ኣዝዩ ሰፊሕን ዓሚቕን ትምህርቲ ሂቦም። ሕቶን መልስን ምስ ተገብረ ድማ ክቡር ኣባ ግርማይ ብዛዕባ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍን ቅዱስ ትውፊትን ዘሎ ርክብ ብዝብል ኣርእስቲ ካልኣይ ትምህርቲ ሂቦም። ኣባቲ ኣብ ትምህርቶም "**ቃል ኣምላኽ ኩሉ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ጥራይ ኣይከኖን ንረኽቦ። ኣብ ቅዱስ ትውፊት እውን ኣሎ እዩ። ትውፊት ክንብል እንከሎና፡ ካብ ቀዳሞት ኣቦታትና ዝተመሓላለፈ ትምህርቲ እዩ። እዚ ድማ ነቲ ብሕይወትን ብቓልን ካብ ጐ.ኢ.ክርስቶስን ሓዋርያትን ዝተመሓላለፈልና እዩ ዘመልክት። ብቓልን ብጽሑፍን ከኣ እዩ ተመሓላሊፉ። እዚ ትውፊት እዚ ብቤተክርስትያን ተዓቂቡን ተሓልዩን ካብ ወለዶ ንወለዶ**

ዝተመሓላለፈልና እዩ።

ኢየሱስ ብቓሉን ብሕይወቱን እዩ ሰቢኹ ብጽሑፍ ኣይምሃረን። ንሓዋርያት እውን ኣብ ማቴ. 28፥19 ምሃሩ ኢሉ ምስ ኣዘዞም፡ ናብ ምሉእ ዓለም ከይዶም ክምህሩ እንከለዉ፡ ብቃሎምን ብሕይወቶምን ይምህሩን ይምስክሩን ነበሩ። ስለዚ ወንጌል ቅድሚ ኣብ ጽሑፍ ምስፉሩ ሓዲስ ኪዳን ድሮ ተዘርጊሑን ክርስትያን ብሕይወቶምን ብደሞምን ይምስክሩ ነይሮም እዮም (ንኣብነት እስጢፋኖስ ቀዳማይ ሰማዕት፡ ኣብ ግ.ሓ. 7 ርአ)።
ቅዱስ ዮሓንስ ወንጌላዊ ከምዝብለና ከኣ *“ኢየሱስ ዝገበሮ ግብሪ ድማ ብዙሕ ካልእ ኣሎ። ኩሉ በብሓደ ተጻሒፉ እንተዝኸውንሲ ነቲ ዝተጻሕፈ መጻሕፍቲ ኩሉ ዓለም እኳ ኣይምኣኸሎን ይመስለኒ”* (ዮሓ. 21፥25) ይብል። ስለዚ ዘይተጻሕፉ፡ ግና ብሕይወትን ተግባርን ስርዓተ ኣምልኾን እታ ቀዳመይቲ ቤተክርስትያን ዝተመሓላለፈ ግልጸት ከምዘሎ እዩ ዘረድኣና። ነዚ ኢያ ቤተክርስትያን “ቅዱስ ትውፊት” ትብሎ።

ስለዚ ቅ.መጽሓፍን ትውፊትን ነሓድሕዱ ዝተኣሳሰርን ዝራኸብን እዩ። ምኽንያቱ ከኣ ክልቲኡ ካብ ሓደ መለኮታዊ ምንጪ ዝፍልፍል ብምዃኑ ክልቲኡ ዳርጋ ሓደ እዩ። እቲ ጽሑፍ ካብቲ ብቓል ዝዝንቶ ዝነበረ እዩ ተጻሒፉ እቲ ጽሑፍ ሓደ ካብቲ ኣገባብ ኣመሓላልፋ ቅ.ትውፊት እዩ።ትውፊት ቅድሚ ጽሑፍ ዝመጽእን ንጽሑፍ ምልኣት ዝህብን ርእሱ ዝኸኣለን እዩ።ቅ.መጽሓፍ ብሓቂ ቅዱስ ምዃኑ ብትውፊት ጥራሕ ኢና ክንፈልጦ እንኽእል። ትውፊት ግን ምስክርነት ቅዱስ መጽሓፍ ዘድልዮ ኣይኮነን።ቅ.ትውፊት ልክዕ ከም ቅ.መጽሓፍ ንቤተክርስትያን ብሕድሪ ዝተዋህበ ናይ ቃል እግዚኣብሔር ቅዱስ መዝገብ ኢዩ።
ትውፊት ንሓዋርያትን ንተኸተልቶምን ብመንፈስ ሓቂ ተመሪሖም ብስብከቶምን እምነቶምን ምእንቲ ክሕልውዎን ክገልጽዎን ከስፍሕዎን ብክርስቶስ ጐይታን ብመንፈስ ቅዱስን ዝተዋህቦም ቃል እግዚኣብሔር ብምሉኡ የመሓላልፍ”-እናበሉ ትምህርቶም ዛዘሙ። ሕቶን መልስን ምስ ተገብረ ድማ መስዋዕቲ ቅዳሴ ዓረገ። ድሕሪ ምሳሕ ድማ ናይ ምዝንጋዕ መደብ ተኻይዱ። ካብኡ ብምቅጻል ድማ ብዛዕባ ንስ፡ እቲ ዓውደ መጽናዕቲ ብጸሎት ምስጋና ተዛዙሙ።

ክቡራት ሰማዕትና፡ ድንጉዩ ስለ ዝመጸና ብግዚኡ ከነመሓላልፎ ኣይክኣልናን እምበር ብዕለት 27 ጥቅምቲ 2018 እውን ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ተሰፉማርያም ዝተሳተፍዎን ዝምሃሩሉን ተመሳሳሊ ዓውደ መጽናዕቲ ተኻይዱ ነይሩ እዩ።

## ክብረ ብዓል ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ዓዲ ተከለዛን

ክብረ ብዓል ድብረ ቅዱስ ሚካኤል ኣብ ዓዲ ተከለዛን ብ 21 ሕዳር 2018 ብዓቢ ድምቀት ከቢሩ ውዒሉ። ብድሮ እቲ ብዓል ክልተ ደባትርን ሸሞንተ ካህናትን ተመሃሮ ዝርኣ ክህነትን ተምሃሮ ደቂ ቅድስቲ ሃናን ብዋዜማ “መርሖሙ መዓልተ ብደመና ውኩሎ ሌሊተ ብብርሃን እሳት. . . . እንዘ ሚካኤል ይሓውር ቅድመ ትዕይንቶም ለእስራኤል” እናበሉ ንቅዱስ ሚካኤል ክውድስዎ ኣምሰዮም። ንጽብሒቱ ማህሌት ዘለሊት ምስ ተፈጸመ፡ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ካብ ኣሥመራ ተበጊሶም ኣንጊሆም ኣብ ቀጽሪ ቤተ ክርስቲያን ምስ በጽሑ፡ እቲ ሕዝቢ ብኽበሮን ብመዝሙርን ብእልልታን ተቀቢሉ ብዓጀብ ኣሰንዩ ናብ ቤተክርስቲያን ኣእቲይዎም።

ብድሕሪ እዚ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ብሸውዓተ ካህናት ተሰንዮም መስዋዕተ ቅዳሴ ኣዕሪጎም። ድሕሪ መስዋዓተ ቅዳሴ፡ ኣብ ማእከል ከተማ ዓዲ ተከለዛን ንውሕ ዝበለ ዑደት ምስ ተኻየደ፡ ያሬዳውያን መዘምራን ከምቲ ልሙድ ወረብ ገበሩ።ናይ ደብረ ቅዱስ ሚካኤልቆልዑ ድማ “ሰፍሓ ክነፊሁ ይጸልል ዲበነ” እናበሉ ዝወረብዎ ወረብ ኣዝዩ ስሓቢነይሩ። ካብዚ ብምቅጻል ብፁዕነቶም ኣብ ዝሃብዎ ቃል ስብከት፡ “ነዚ ብዓል እዚ ሎሚ ብኽብሪ ነብዕሎ ዘሎና ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእኽቲ ጸግዕና ሰለ ዝኾነ እዩ። ቅዱሳት መላእኽቲ ከምዚ ንሕና እንፍተኖ ብትዕቢት ተፈቲኖም እዮም። ጊሊኣቶም ሰይጣን (ዲያብሎስ) ዝመራሒኦም ድማ ማዕረ ኣምላኽ ክኾኑ ስለ ዝደለዩ፡ ካብ እግዚኣብሔር ሸፈቱ። ቅዱስ ሚካኤል ድማ ምስ ቅዱሳት መላእኽቲ ሓቢሩ፣ መን እዩ ከም ኣምላኽ ብምባል ምስ ድያብሎስ ተዋጊኦም ሰዓርዎ።

እቲ ክፉእ ክሳቀየና እንከሎ ብእምነትን ብትዕግስትን እንተተቃዊምናዮ ይሃድም እዩ። ንኣዳምን ሄዋንን ብሓሶት ኣታሊሉ ካብ ኣምላኽ ከምዝርሕቁ ገይርዎም። ሽዑ ንሳቶም ዕርክነትን ሕያውነትን ኣምላኽ ገዲፎም ካብ ገነት ተሰጉ። መሰረት ውድቀቶም ከኣ ትዕቢት እዩ። ዘይኮንካዮ ክትከውን ምድላይ እዩ።

ኣምላኽ ክኣሊ እዩ፡ ንሕና ከኣ ከም ፍጡራቱ መጠን ኣብ ኢዱ ኢና። ዋላውን እንተ ሃብተምና፡ ስልጣን እንተረኸብና ሓንቲ የብልናን። ኩሉ ናቱ እዩ። ቅዱስ ሚካኤል መምህር ትሕትና እዩ። ኣብ ወንጌል ማቴ 18 ከምእንረኽቦ ትሕት ክንብልን መሓርቲ ክንከውንን ይምህረና። ሎሚ እውን እንተኾነ ንሕብረት ክንጽዕር እዩ ዝመኽረና። ከመይ ሕብረት ወይ ስኒት ኣብ ዘልዎ እግዚኣብሔር ኣሎ። ሰይጣን ኣብ ሕይወትና ጽልእን ምፍልላይን ከእቱ ብዙሕ እዩ ዝጽዕር ኣይድቅስን እዩ። ክንብኣስ፡ ብሓጢኣት ካብ ኣምላኽ ክንፍለ፡ ክንህከ፡ ካብ እምነት ክንጎድል፡ ጸሎት ከንገድፍ እንከሎና ሰይጣን እዩ ዝሕጎስ።

ንሕና ግቡእና ከይገበርና ንእግዚኣብሔር ሃበና ጥራይ እንተበልናዮ ኣይህበናን እዩ። ሰናይ ምግባር ነዘውትር፡ ይቕረ ብሃልቲ ንኹን፡ ሕዙናት ነጸናንዕ፡ ምስጢራት ንካፈል፡ እመንትና ከነሓድስ ይግብኣና እዩ። ከመይ እምነት ብዘይግብሪ ምውቲ እያ። እምበኣርከስ ንቅዱስ ሚካኤል ጥበብ ምሃረና ንበሎ። ቅዱስ ሚካኤል ንሰይጣን ካብ ማእከልኩም ስጎግዎ፡ ጸሎትን ምህላልን ፍተዉ እዩ ዝብለና ዘሎ። እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ናይ ሰላም ሃዋሁ ሓቀኛን ነባርን ይግበረልና። በረኸት እኖና ኪዳነ ምሕረትን መድኃኔ ዓለምን ኣይፈለየና፡ ንጉስ ሰላም ንቅዱስ ሚካኤል ዝልኣኸልና በረኸት መልኣኹ ኣይፈለየና" ብምባል ቃል ስብከቶም ዛዘሙ። ብድሕሪ እዚ እቲ ብዓል ብናይ ሓባር ቁርሲ ተዛዚሙ።

## ክብረ ብዓል ደብረ ጽንሰታ ማርያም እምባጋልያኖ ኣሥመራ

ረቡዕ 28 ሕዳር 2018 ዓ.ም. ዓመታዊ ክብረ በዓል፡ ደብረ ጽንሰታ ማርያም እምባጋልያኖ ኣሥመራ: ካበየ ቁምስናታቶም ዝመጹ ነጋድያን ብዙኃት ውሉደ ክህነትን ምእመናንን ኣብ ዝተረኽብሉ፤ ብጸሎት ታስዕትን ብናይ እቲ በዓል መስዋዕተ ቅዳሴን ካልእ መደባትን ተሰንዩ፣ ብዓብይ ዓጀብን መንፈሳውነትን ከቢሩ ውዒሉ።

ብድሮ ሰሉስ ድሕሪ ቀትሪ ዝጀመረ ስርዓተ ዋዜማ፣ ያሬዳውያን መዘምራንን ካህናትን ዝተሳተፍዎ፡ ብጥዑም ዜማን ቅኔን፡"" እናበሉ ንኣምላኽ ከመስግኑን ክውድስዎን ኣምስዮም። ኣብቲ ብለይቱ ዝጀመረ ጸሎት ማኅሌት ከኣ " " እናበሉ ክሳብ ቅዳሴ ዝጅምር ቆይሞም ከዚሙ ኣጽብሑ።ማሕሌት ዘለሊት ምስ ተፈጸመ ከኣ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም ዝመርሕዎ መስዋዕተ ቅዳሴ ዓረገ።

ድሕሪ ቅዳሴ ከምቲ ልሙድ ካብ ቀጽሪ ቤተክርስቲያን ወጻኢ ለባስያን፡ ደናግል፡ መዘምራን፡ ኣቦታት፡ ኣዴታት፡ መንእሰያት፡በብማሕበራቶም ቅዱሳት ኣሳእል ሒዞም፡ ኩሎም ተሰሪዖም ብጸሎት መቑጸርያን መዛሙርን እግዚኦታን ምዕሩግ ዑደት ኣካይዶም።

ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም ንነጋድያን ኣብ ዘስምዕዎ ስብከት: ፍቑራን ሕዝበ እግዚኣብሔር እንቋዕ ናብዚ ክብረ ብዓል እኖና ማርያም ብድሓነ ሰላም ኣብቅዓና። ሎሚ ብዓል ኣዴና ማርያም ከነብዕል እንከሎና፡ ኣምላኽ ስለምታይ እዩ ነዛ ብዘይ ናይ ኣዳም ሓጢኣት ዝተጸንሰት ማርያም ዝሓረያ እንተበልና፡ ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዳሴን ውዳሴ ማርያምን እንረኽቦ "እግዚኣብሔር ካብ ሰማይ ንምስራቅ ንምዕራብ ንሴሜን ንደቡብ ጠመተ ከማኺ ዝበለት ግና ኣይረኸበን" ይብል። ከም ማርያም ዝበለት ኣይተረኽበትን፡ ኣይትርከብን እውን እያ። ስለምታይ እዩ እንተ እንድሕር ኢልና ኣብዚ ዘንበብናዮ ጥቅሲ ቅዱስ ወንጌል ሉቃስ ገብሪኤል መልኣኽ ናብ ማርያም መጺኡ "ሰላም ንዓኺ ኦማርያም ጸጋ ዝመልኣኪ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ" እናበለ ሰላምታ የቕረበላ፡ ክልተ ካብዚን ንሱ ዝተዛረበን ቃላት 1ይ ጸጋ ዝመልኣክን 2ይ ድማ እግዚኣብሔር ምሳኺ እን ዝብላ ኣዕሙቕ ኣቢልና ከነሰንትነን ጽቡቅ እዩ።

መጀመርያ እኖና እግዝእትነ ማርያም ትሕቲ መንፈሳዊት ዓል ያቄምን ሃናን ከምዝነበረት፡ ሓደ መዓልቲ ግና ንሳ ብዘይተጸበየቶ ኣምላኽ ብዝመደቦ መዓልቲ ንገብርኤል መልኣኹ ፍሉይ ሰላምታ ክህባ መደበ፡ እዚ ሰላምታ እዚ ከኣ ኣራ ሰላምታ ኣይነበረን፡ ሰላም ንዓኺ እኳ ድሓን ተራ ስላምታ ክንብሎ ንኽእል ጸጋ ዝመልኣኪ እትብሃል ሓንቲ ፍጥረት ግና ተሰሚዑ ኣይፈልጥን፡ መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶ ክልኣይ ኣካል ናይ ቅድስቲ ስላሴ ወልደ እግዚኣብሔር ህያው ናብዚ ዓለም መጺኡ ከድሕነናን ምስ ተመደበ ከማና ስጋ ክለብስ ብዘይካ ሓጢኣት ብኹሉ ንዓና ክመስል ስለ ዝደለየ ንዕኡ እትቅበል ማሕጸን ክዳሉ ናይ ግድን እዩ። እዛ ትቅበሎ ሰብከ ከኣ እኖና እግዝእትነማርያም እያ። ኣምላኽ ከምእንፈልጦ ብሓቂ ቅዱስ ጎደሎ ዘይብሉ ምስ ሓጢኣት ዘይቀራረብ ቅዱስን ንጹሕን ስለ ዝነበረ ወልደ እግዚኣብሔር ናብ ሓጸን እኖና ማርያም ክመጽእ ካብ ዝተመደበሉ ናይ ግድን እዩ ነታ እትቅበሎ ባርያኡ ገረዱ እንከላ ኣዱኡ ገበራ ይብለና።

ገለ ሰባት ብዙሓት ኣብዚ ዓለም ማርያም ብዘይ ናይ ኣዳም ሓጢኣት ኣይተጠንሰትን ንኢየሱስ ምስ ወልደት እውን ካልእ ወሊዳ እያ ኢሎም ዝምህሩ ኣለዉ፡ ብሓቂ ይጋገዩ ኣለዉ። እኖና ቅድስቲ ድንግል ማርያም፡ ብዘይ ናይ ኣዳም ሓጢኣት ክትውለድን ክትጥነስን ናይ ግድን እዩ። ከመይ መድሃኔ ዓለምን ሓጢኣትን ብሓደ ክነብሩ ኣይክእሉን እዮም። ናይ ኣዳም ሓጢኣት እንተዝነብራ ኢየሱስ ኣብኡ ክኣቱ ኣይክእልን ከመይ ሓጢኣትን መድሓኒ ዓለምን ኣይራኸቡን እዮም። ስለዚ እዚ ብዘይ ናይ ኣዳም ሓጢኣት ዝተጠነስካ ሙኳን ካበይ መጺኡ እንተብለና ብመድሓኒዓለም እዩ። ቦትኡ ከዳሉ ምስ ደለየ መጀመርያ ንእኖና ቅድስቲ ማርያም ካብ ኩሉ ሓጢኣት ናጻ ከም እትኸውን ገይርዋ፡ ብሓይላ ኣይኮነትን፡ ብሓይሊ